ንጥፈታት ኣንጻር ኮቪድ-19 ኣብ ዞባ ሙክለንበርግ ፎርፖመርን

ጸኒዖም ዝጸንሑ መምርሒታት ኮቪድ-19 ዝፋኾስሉ ናይ ተዛነ እዋን ካብ ዕለት 25.05.2020

መዋእለ ህጻናት
ብመሰረት ኣጋጢሙ ዘሎ ህሉው ኩንታት ኮሮና ቫይረስ ሰራሕተኛታት ኣለይቲ መዋእለ ህጻናት ንኹሎም

ህጻናት መዓልታዊ ናይ 6 ሰዓታት ነቶም ስድርኦም ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ዝውዕሉ ህጻናት ኣገልግሎት

ክህብ ኢዩ። ፍሉይ ሓገዝ ንቆልዑ

ንቆልዑ ዝግበር ሓገዝ ብውሑድ ዓቀን ንብፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ህጻናት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ክፍሊ ንዘለዉ።

ስፖርት
መጻወቲ ሆል ናይ ስፖርት መዘናገዒታት፡ መሰልጠኒ ናይ ዮጋ ከሙኡ ውን ናይ ትልሂት እስትድዮ ርሕቀትካ ብዝሕሉን፡ ብጽረኤትን ክቅጽል ኢዩ። ዝኾነ ሰብ ናይ ግድን እንተ ወሓደ ናይ ክልተ ሜተር ርሕቀት ክሕሉ ይግባእ። ኣብዘን ልዕል ኢለን ዝተጠቕሳ ናይ ኣገልግሎት ትካላት ዝርከባ ከም ሻወር፡ መቀየሪ ኪዳን፡ ናይ ሓባር ክፍሊ ክሳብ ዘይተገልጸ እዋን ዕጹው ኢዩ።

ናይ ምዝንጋዕ ግዜ - ትካላት ቤት መግብን መስተን- ትሪዙም

ምኽፋት ሲነማታት
ምኽፋት ሆቴላት፡ መዕረፊ ኣጋይሽ፡ መዘናግዒ ማእከላት ወዘተ። ናይ ቱሪዙም ትካላት፡ ገያሽ ካብ ካልኦት

ዞባታት ጀርመን። ትካላት ቤት መግብን መስተን ካብ ሕጂ ን ደሓር ካብ 2 ሰዓት ን ላዕሊ ክሳብ ሰዓት 23:00

ኣጋይሽ ከአንግዳ ክፍቀደን ኢዩ።

ናይ መሐንበሲ ትካላት ክፉት ኢዪ
ተጠርኒፍካ ዝግበር ናይ ስራሕ ይኹን ቤተሰባዊ መገሻ ወይ ዑደት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ውን ፍቁድ ኢዪ።

ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና

ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ውን ከምቲ ልምሙድ ስርሑ ክቅጽል ኢዩ።

ስድራቤታዊ ምዝንጋዕ
ብዘይካ'ዚ ካብ ዕለት 25 ግንቦት ጀሚሩ ስድራቤታዊ ምትእኽኻብ ክሳብ 30 ሰባት ፍቁድ ኢዪ። ከም ኣብነት መርዓ፡ ጽንብል ዕለተ ልደት፡ መመርቀታ ናይ ትምህርቲ ወዘተ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ጽምብላት ኣብ ገዛ ወይ ውን ኣብ ሆቴላት ክካየድ ፍቁድ ኮይኑ ግን ክኣ ኣብ ዝተፈልየ ክፍሊ ክኸውን ይግባእ።
እዞም ቀጺሎም ዝስዕቡ ክኣ ክትግበሩ ዘይብሎም ክልኩላት ኢዮም፡
መዓልታዊ ዝግበር ዑደት ካብ ካልእ ዞባታት ናብ ዞባ ሙክለንበርግ ፎርፖመርን። ኣብ ክፉት ቦታ ዝግበር

ጽምብል ከምኡ ውን ምትእኽኻብ ከም ኣብነት ኣብ (መዐሸጊ መካይን፡ ኣብ ግምገም ባሕሪ) ክልኩል ኢዩ።

ዓበይቲ ማሕበራት ልዕሊ 75 ሰባት ኣብ ውሽጢ ገዛ ወይ ድማ 150 ሰባት ካብ ገዛ ወጻኢ ዝግበር ምትእኽኻብ ክልኩል ኢዩ።

ዝተኸልከለ ርክባት

ብዘይካ ምስቲ ምሳኻ ዝቕመጥ ሰብ እንተ ዘይኮይኑ ምስ ካልእ ሰብ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት  እንተ ውሓደ  ናይ  1.5 ሜተር ርሕቀት ኣብ መንጎና ክህሉ ይግባእ። ንፍሲ ወከፍ ሰብ ውን ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ንኣፍን ኣፍንጫን ዝኸድን ማስኬራ ክጥቀም ይግባእ።